# እንተፈታሕካስ ጥራሕ ቁጻር

ብዶ/ር በረኸት ፈዳይ ንጉሰ

ኤርትራ ብሳላ'ቲ ንዓመታት ብዓቃልን ውሕሉልነትን ዝልለ ፖለቲካዊ መርገጻ ኣብ ሓድሽ መድረኽ ቁጠባዊ መቐይሮ ትኣቱ ኣላ። ኢትዮጵያ ድማ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ደወል መቓልሕ-ሰላም ትድውል ኣላ። ብኣንጻሩ ስንክሳር ወያነ ነቲ ንዓመታት ጥቃ ጎቦ ስለዝተጸጎዐ ገቢሉ፡ ሰዊዱ፡ ዓብሊሉ፡ እንዳበለ ነዛ መሬት ኣይትጽርኒ ክብል ዝጸንሐ ስርዓት ናይ ስዕረት ካባ ተጎልቢቡ፡ ኣብ መቐለ ተሓጺሩ ዓቕሊ ጽበታዊ መግለጺታት የስተንፈስ ኣሎ። ገለ ኣብ ዞባና ዝግደሱ ኣካላት ድማ እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ኣዝዩ ዝነሃረ ኮይኑ ዝስምዖም ባእታት'ውን ኣይተሳእኑን። እቲ ኣድህቦ ዘድልዮ ግን ንሱ ኣይኮነን። ዕርበት ስርዓት ወያነ መዓስን ብኸመይ ኣገባብን ጊዜ ባዕሉ ዝምልሶ እኳ እንተነበረ ዘይተርፍን ግድነታውን ከምዝኾነ ግን ቋንቋ ህዝባዊ ግንባር ዝሰምዕን ዘንብብን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ክግለጽ ዝጸንሐ ሓቂ እዩ።

ወያነ ኣብ ድሑር ትምክሕቲ ዝተደኮነ፡ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝሓልም፡ ርእሰ-ተኣማንነት ዘይብሉ፡ ብዕድል ህዝቢ ትግራይ ዝተጣልዐ፡ ኣፍሪቃ ካብ ዘፍረየቶም፡ ኣብ ብልሽውና ካብ ዝተቐማጥዑ ንመጋበሪ ቅሉዓት ካብ ዝኾኑ ሕሱራት ስርዓታት ሓደ ኮይኑ፡ ንኢትዮጵያ ብብሄርን ብሄረ-ሰባትን ዝጎዛዘየ፡ ኣብ ዓለምና ሓደገኛ ዝኾነ ዓሌታዊ ፖለቲካ ዝኽተል፡ ስርዓት እዩ። እዚ ነዛ መሬት ኣይትጽርኒ ክብል ዝጸንሐ ሰርዓት ድኣ ሕጂ እንታይ ተረኺበ ኣብ ሓጺር እዋን "እንተፈታሕካስ ጥራሕ ቁጻር" ኮይኑ ዝተረፈ?

<u>እቲ ሓጺር መልሱ ብባዶሸነት ዝተንቤ ስርዓት ስለዝኾነ እዩ</u> ። ኣብ ቅንእን ቅርሕንትን ዝተላዕጠጠ፡ ቂምን ጽልእን ከም ስልቲ ዘማዕበ፡ ሓሶትን ጥልመትን መሰረት እምነቱ ዝገበረ፡ ኣንፈቱ ዘጥፈአ፡ ሕድሪ ሰማእታቱ ዝጠለመ፡ ተበላጺ፡ ማንታ ዝመልሓሱ መርዛም ተመን ስለዝኾነ ትሕዝቶ-ኣልቦ ኮይኑ ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተነጺሉ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ክብለል ንምስክር ዘሎና።

ከነስተብህለሉ ዝግባእ ውድዓዊ ኩነታት ግን ኣሎ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ለውጢ ውጽኢት ናይቲ ብሰንኪ እከይ ተግባራት ስርዓት ወያነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝወረደ በደልን ግፍዕን፡ ዝተኸተሎ ጎዛዛይ ዓሌታዊ ፖሊሲ ዘውረዶ ሃሰያን ኮይኑ ብሰንኩ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንመሰዋእቲ ድልው ክኸውን ትብዓት ስለዝጥረየን ናዕቢ ኣብ ልዕሊኡ'ቲ ስርዓት ብምክያድ ዝተፈጥረ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ዓቢ ኣበርክቶ እኳ እንተነበሮ፡ እቲ ቀንዲ ረቛሒ ግን እቲ ዘይጽዓድ ተሪር ፖለቲካውን ወተሃደራውን መትከላዊ መርገጽ መንግስቲ ኤርትራ ምንባሩ ምግንዛብ ኣገዳሲ ይመስለኒ። መሪሕነት ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ተሪር መቕጻዕቲ ክንወስድ ኢና፡ መንግስቲ ኤርትራ ክንኣልዮን ክንግልብጦን ኢና፡ ምኽንያቱ "እዚ ዞባ ንሕና ወይ ድማ ሻዕብያ" ጥራሕ እዩ ክጸውር ዝኽእል ኢሎም ኣብ ዘራያት ተኣማሚኖም ብትምክሕቲ ተጎቢኦም፡ ዝወሰድዎ ዓማጺ ስጉምቲ ከተግብሩ ስለዘመጹን፡ ማኣሊያ ዘይብሉ ጉልበትን ማልን ስለዝዘረዉ ያኢ ኣብ ዝተናውሐ እውን

ብእገዳ ዝተሃሰየት ሃገር ፈጢርካ ዕላማኻ ምውቃዕ ዝብል ሓሳድ ውዲት ብምእላም ዝዕወቱ ስለዝመሰሎም፡ ብኣንጻሩ ድማ መንግስቲ ኤርትራ ዝሃቦም ግብረ-መልሲ እንተነይሩ ምርጫኦም ንሱ ካብ ኮነ ሃገራዊ ድሕነትና ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ስለዘይወርድ "ኣብታ ነዋሕ መንገዲ የራኽበና" ዝብል መልሲ ሓጸር መልሲ እዩ ነይሩ። ወየንቲ እቲ ዝወሰድዎ ስልቲ ኣብ መጻወድያ ሻዕቢያ ከምዝኣተዉ ክስቀሮም ነዊሕ ጊዜ እዩ ወሲዱሎም። እታ ነዋሕ መንገዲ ድማ መዓልታ በሊዓ ስለዝመጸት፡ ነቲ "ኣይኩናት ኣይሰላም" ኢሎም ዝሰመይዎ ቅዲ-ኲናቶም ሳላ ዓቃልን ውሕሉልን ስልታዊ ኣተሓሕዛ ቅዲ ኹናት መሪሕነት ኤርትራ፡ ብዘይ ሓሰብዎ ንወየንቲ ኣብዚ ሕጂ ተሸኺሎሞ ዘለዉ ዓዘቕቲ ንኽሸከሉ ቀንዲ ረቛሒ እንዳኾነ እዩ መጺኡ። ኤርትራ፡ ነቲ ሓንሳብን ንሓዋሩን ከደት-ጠፍኣት እንዳበሉ ንጥፍኣታ ከይደቀሱ ዝሓደሩ ዕሱባት ወየንትን ኣሳሰይቶምን ዕላሞኦም ኣፍሺላ፡ ብኣንጻሩ ብዘይ ዝኾነ ዘራይ ኣብ ገዛእ ማእገራ ተሞርኪሳን ተኣማሚናን ብዓወት ዝወጸት ሃገር ስለዝኾነት ድማ እዩ ናይ ዘመና ናይ ቅዲ-ኹናት ተመራመርቲ ነዚ ብዘይ ዝኾነ ተወሳኺ መስዋእቲ ኤርትራ ንክትዕወት ዘኽኣላን ንወየንቲ ኣብዚ ሕጂ ተኣሊኾሞ ዘለዉ ዓዘቕቲ ንኽሸከሉ ዝተኸተልዎ ሜላ ምስጢር ክመራመርሉን ክጽሕፍሉን ህርድግ ዝብሉ ዘልዉ። እዚ ኣርእስቲ ድሮ ኣቃልቦ ብዙሓት እንዳሰሓበ ይመጽእ ኣሎ። ምኽንያቱ ንካባኻ ብዕጽፍታት ብዝሒ ሰራዊት ብምውናን ዝምካሕን ዘመናዊ ኣጽዋር ክስባ ዓንቀሩ ዝሰነቐን ጸላኢኻ፡ ኣብ ክንዲ ናብቲ ንሱ ዝዓደመካ ዓውደ-ኹናት ኣቲኻ ተኹድድ፡ ንጸላኢኻ ከይተረዶ ኣብቲ ንስኻ ክትስዕረሉ ትኽእል ዓውደ-ኲናት የእቲኻ ኣብ ዝጥዕመካ እዋን ክትገጥሞን ክትስዕሮን ዝተኻየደ ጥምጥም፡ ናይ ሚሊታሪ ሳይንስ ተመራመርቲ ኣቓልቦ ክገብርሉ ናይ ግድን ይኸውን።

ስለዝኾነ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ ውጽኢት ናይቲ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዘካየዶ ተባዕ ቃልሲ ኣበርክቶ ከምዝነበሮ ምግንዛብ ይግባእ። ምክንያቱ፡ ከም ባህጊ ወያነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ተሳዒሩን ተንበርኪኹን ነይሩ እንተዝኸውን፡ ሎሚ ኤርትራ ሓንቲ ዝተመናንሀት፡ ሓድነት ህዝቢ ዘይብላ ፡ብቑጠባ ዝማሰነት፡ ኣብ ምጽወታ ኣትኑብር ውድቕቲ ሃገር እንተትኸውን ነይራ፡ ወያነ ብዘራያት ተኸቢቡ፡ ዝያዳ ሓይሊ ደሊቡ፡ ጎብለል ዞባና ብምዃን ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ኣብ "ተመልከተለይ ክኽንብለካ" ዝዓይነቱ ራዕድን ሸበራን ዝረዓመሉ ዞባ ምስተቐየረ ነይሩ። እዞም ሎሚ ንስርዓት ወያነ ዝቃወሙ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ሓይልታት ኢትዮጵያ'ውን እንተኾነ ሕጂ ዘለዎም ብቕዓትን ሓይልን ደሊቦም ንወያነ ስግኣት ኣይምስኮንዎን ነይሮም። ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ስልጣን ንኽመጽእ ዝነበሮ ዕድል ድማ ኣዝዩ ምስጸበበ ነይሩ። ስለዝኾነ ምምጻእ ዶ/ር ኣብይ ውጽኢት ናይቲ መንግስቲ ኤርትራ ንነዊሕ ዓመታት ክሰርሓሉን ክጽዕረሉን ዝጸንሐ ራእይ ፖለቲካዊ ዞባና ምንባሩ የረድኣካ። እምበኣርከስ ዶ/ር ኣብይ ምስ ኤርትራ መዝሙር ሰላም ክዝምር ካልእ ኣማራጺ'ውን ኣይነበሮን። ከምቲ ምስ ወከልቲ ኤርትራ ኣብ ናይ ድራር ኣጋጣሚ ዝበሎ *"ኩሉ ዓይነት ተንኮልን ክፋእን ውዲታት ኩናትን ፈቲና ኢና፡ ከምዘየዋጽኣና ርኢናዮ፡ ስለዚ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ሓቢርና ምእንቲ ክንለምዕ ሰላም ጥራሕ እዩ ዘዋጽኣና"* ክብል ዝገለጾ፡ ዘይተንበርካኽነት መርገጽ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኣተሓሳስባ መራሕቲ ዞባና ዝፈጠሮ ነጥበ-መቐይሮ ምዃኑ ድማ የረድኣካ። እቲ ራኣይ ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝተሓጽረ ዘይኮነስ ኣብ ዞባና ከስፋሕፍሕ ተኽእሎታቱ ጋህዲ እንዳኾነ ዝመጸለኡ ዘሎ እዋን እዩ።

ስለዝኾነ ተራና ከም ኤርትራውያን፡ ኣብ ዞባና ዝያዳ ጸለውትን ኣድማዕምን ምእንቲ ክኸውን ብዙሕ ስራሕ ይጽበየና ኣሎ። ኣብዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ'ዚ ዘረጋገጽናዮ ጭብጢ እንተሎ፡ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ልዑላውነታ ዘውሓሰት ዶባታ ዘነጸረት፡ ብዝኾነ ዘይትድፈር ንውሉድ-ወለዶ እትመሓላለፍ ሃገር ኣምጺእናን ኣውሒስናን ከምዘሎናን ናይ ታሪኽ ተጻባእትና ድማ ስለዝረዓሙ፡ ሞሳን ክብርን ንኹሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ ይግባእ። እዚ ሓድሽ ንኣትዎ ዘሎና መድረኽ ዝጠልቦ ስራሕ ግን ብሕጂ እዩ ክካየድ። ዞባና ናይ ሰላምን ርግኣትን ዝሰፈኖ ሓባራዊ ምትሕግጋዝ ዝነገሶ ናይ ምዕባሌ መዲና ክንልውጦ እንተኾይኑ፡ እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ተበጊሱ ዘሎ ሃናጺ ምዕባሌታት ክሕይልን ንቕድሚት ክሰጉምን ተራና ከም ሃገርን ህዝብን ክዓዝዝ ይግባእ። ኢትዮጵያ ካብ ኤርትራ ኩሉ መዳያዊ ምትሕብባር ክትጽበ እያ። ኣተሓሳስባ ወያነ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ዞባና ክእለ ድማ ኤርትራ ዘድሊ ምትሕብባር ከተበርክት ከድሊ እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ኣብ ስልጣን ኮረሻ ኣዲስ ኣበባ ኮፍ ዘበልናዮ ከዳዕ ስርዓት ንዒስራን ሸውዓተን ዓመታት ዝተዋህቦ ዕድል ብምጭዋይ ንዞባና ናብ ቅልውላው ዘእተወ፡ ኣብ ኣእሙሮ ናይ ብዙሓት ዜጋታት ቀርኒ-ኣፍሪቃ መርዛም ዓሌታዊ ጎነጽ ዘሳወረ፡ ንህዝቡ የሕሊፉ ዝሸጠ ከዳምን ብልሹውን ስርዓት ስለዝኾነ። ካብዚ ድሑር ወያኔያዊ ኣተሓሳስባ ሓራ ዝኾነት ስምርትን ምዕብልትን ኢትዮጵያ ድማ ንዓና ንኤርትራውያን ከም ስግኣት ዘይኮነ ከም ዕድላት ቀጺርና ብሓባር ናብ ጎደና ምዕባለ ዘምርሕ መርሓ-ጎደና ልምዓት ክንሕንጽጽን ኣብቲ ኣብ ዓለምና ዝዋናጨፍ ዘሎ ተወዳዳርነት ዝሓትት ጸፋር ቁጠባዊ ዕዳጋ  ድማ ብሓባር ክንገጥሞን ኣብ መነባብሮ ናይ ኩሉ ሕብረተሰብ ዞባና መሰረታዊ ቁጠባዊ ለውጥታት ከነምጽእን ብሓባር ክንምዕብልን ሓያል ጻዕሪ ይጽበየና ስለዘሎ።

ወያነ ሓድነት ህዝቢ ኢትዮጵያ ንምዝራግን ኣብ ዞባና ቅልውላው ንምንጋስን ፍርሕን ራዕድን ከም ስልቲ ኣጎሃሂሩ፡ ኣብ ዓዘቕቲ ሕድሕድ-ዅናት ክሸሞ ከይደቀሰ ከምዝሓደር ርዱእ እዩ። "ኣናፍራ ወያነ ዘይፈጥ'ሲ ኣይሻዕብያን" ከምዝተባህለ፡ ድሮ እቲ ኣመታት ይርአ ስለዘሎ ህዝቢ ዝያዳ ክምክቶን ክቆጻጸሮን ከድሊ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ድማ ኣብ ቃራና መንገዲ ስለዝርከብ ኣብ ልዕሊኡ "ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆላ" ዝዕላምኡ ኣብ ቀቢጸ-ተስፋ ዝተመርኮሰ እከይ ውዲት ተኣሊምሉ ከምዘሎ ክነቅሕ ይግባእ። ንቕሓቱ ኣበሪኹ ነቶም ዝጠለምዎ መራሕቱ ነበር ሓንሳብን ንሓዋሩን ኣዕሚቑ ክቐብሮምን ምስ ዝሰፍሐ ህዝብታት ኢትዮጵያ ተደሚሩ ክንዓዝን ሎሚ ካብ ዝኾነ እውን ንላዕሊ ታሪኻዊ ሓላፍነት ይጽበዮ ኣሎ።

እቶም ኣብ ወጻኢ ኮይና ኣብ መራኸቢ-ብዙሃን እንዋሳእ ኤርትራውያን ድማ ንዓሌትነት ከም መዋግኢ ስልቲ ጌርካ ዝካየድ ጽዩፍን ድሑርን ኣገባብ ክንኣልዮ ይግባእ። ጸላኢና ወያነ እምበር ዓሌት ትግራይ ከምዘይኮነ ተገንዚብና፡ ጠመተና ክንቃንዮን፡ ጸላኢና ከነለልን ይግባእ። ህዝቢ ትግራይ ድማ ቀንዲ ጸላእቱ ኣለልዩ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓባር ንኽሰጉም ክንተሓባበሮ ይግባእ። ዓሌትነት ከም ድፋዕ ተጎዝጒዙ ኣህዛብ ዘናቑት ዘሎ ወያነ ምዃኑ፡ ኣግኣዝያን ብዝብል ስም ዝፍለጥ ስልቲ ከፋፊልካ-ግዛእ ኣዋፊሩ ዕድሚኡ ንምንዋሕ ከም ኣጀንዳ ሒዙ ኣእሙሮ ብዙሓት ዜጋታት ንምስላብ ዘካይዶ ዘሎ ናይ ዕርበተ-ሕልና ፈተነ ተረዲእና፡ ግዳይ ናይ ውዲታቱ ከይንኸውን ንጠንቀቕ። ዓሌትነት ናይ ወያነ ቫይረስ ስለዝኾነ ብናይ ወያነ ቫይረስ ተለኺፍና ከይንህሉ ኣእሙሮና ክንፍትሸን ከነጽርን ይግብኣና። ምኽንያቱ ኣውራጃን ዓሌትን ምርኩስ ገይሩ ኣብ ፓልቶክን ሶሻል-ሚዲያን ክጻረፍ ዝውዕል ብሕማም ወያነ ዝተመረዘ ኣእሙሮ ጥራሕ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣቲናዮ ዘሎና

መድረኽ መቕይሮ ናይ ባዕሉ ዝጠለቦ ዛዕባ ሰላምን ሓባራዊ ምትሕግጋዝን ዘስተንብህ ስለዝኾነ ካብቲ ብሉይ ኣተሓሳስባ ንውጻእ። ኤርትራውያን ክብርታትና እንፈልጥ፡ ክብሪ ካልኦት ድማ እነኽብር ህዝቢ ኢና። ምኽንያቱ ኣብ ሓርነታዊ ቃልስና ንኽብርና ክቡር ዋጋ ስለዝኸፈልና።

ወደሓንኩም !!!